<u>ማዓልቲ ሰማእታትና ኣብ ከተማ ሳንሆዘ ካሊፎርንያ ብኽብሪ ተዘኪሩ።</u>

**Martyrs commemoration in San Jose California.**

ዕስራ ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብሰነ 19, 2016 (June 19, 2016) ኣብ ከተማ ሳን ሆዘን ከባቢኣን ካሊፎርንያ ብዓቢ ክብሪ ተዘኪሩ ዊዕላ። ነዞም ሂወቶም ከፊሎም ጸልማት ቀንጢጦም ብርሃን ዝዓደሉ ሰማእታትና ዝግብኦም ክብሪ ንምሃብ ህዝቢ ኣብ ሽማግለ ባዓላት ከተማ ሳን ሆዘ ዘዳለዉዎ መዘናግዒ ቦታ (Park) ተረኺቡ መብጽዓኡ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።





እቲ መደብ ብዝኽረ ሰማእታት ጀሚሩ፡ ካብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ዋሺንግቶን ደሲ ዝተላእከ ደብዳበ መግለጽን ክብርን ሰማእታትና ዘሞግስ ተነበ። ንኽብሪ ሰማእታትና ዘንጸባርቑ ግጥምታትን ጽሑፋትን በብተረኣ ተገጥሙን ተነቡን። ኮምኡ'ውን ቅያ ተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ ዘዘኻኽሩ ናይ ዓይኒ ምስክር ዛንታታት ተነግሩ።

ኣብዚ ዕለት'ዚ ንሕድሪ ቆፎ ሰማእታት ዝውዕል $2442 U.S dollar ብጥረ ገንዘብ ክእከብ ከሎ፡ $1000 U.S Dollar መብጽዓ። ኮምኡውን ክልተ ኣደታት ነንሓንቲ ስድራ ልክልተ ዓመት ክሕብሕባ፡ ንፍሲ ወከፈን ናይ ሓደ ዓመት $360 U.S Dollar ኣበርኪተን።

ልዑል ምስጋና ነቶም ዝኽሪ ሰማእታቶም ከኽቡሩን ዝተሳተፉን መብጽዓኦም ዘሐደሱንን።
ልዑል ምስጋና ሽማግለ ኣዳላዊት በዓላት። ሰማእታትና ወትሩ ክዝከሩ ይንበሩ።
ዓወት ንሓፋሽ።
ሽማግለ ባዓላት ከተማ ሳን ሆዘ።